# ውድብ ሕቡራት ሃገራት (UN)

## ታሪኽ

ካልኣይ ኲናት ዓለም ኣብ ሞንጎ 1939ን 1945 ዘጋጠመ ኲናት ክኸውን ከሎ፡ ብዙሓት ሃገራት ወቒዑ እዩ። እዚ ኲናት እዚ ልዕሊ እቲ ኣብ ሞንጎ 1914ን 1918ን ዘጋጠመ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ዝዓበየ ዕንወት ኣስዒቡ እዩ። ልዕሊ 50 ሚሊዮን ሰባት ሞይቶም እዮም። ኣብ እዋን እቲ ኲናት ኣብ ጃፓን ዝርከባ ክልተ ሂሮሺማን ናጋሳኪን ዝተባህላ ከተማታት ብኣቶም ቦምብ ተወቒዕን፣ ሰብኣውነት ድማ ዓቢ ዕንወት ኣጋጢሙዎ እዩ። ድሕሪ ቀዳማይ ኲናት ዓለም፡ ሰላም ዓለም ንምዕቃብ ተባሂሉ፡ ሓደ ሊግ ኦፍ ኔሽንስ ዝተባህለ ውድብ ተመስሪቱ ኔሩ። ተኾነ ግን እዚ ውድብ እዚ ሰላም ክዕቅብን ምርግጋጽ ከውሕስን ኣይኸኣለን። ሓድሽ ደማዊ ውግእ ካብ ምጅማር ክዓግት ኣይከኣለን።

| | |
|---|---|
| <br>ኣብ እዋን ካልኣይ ኲናት ዓለም ዘጋጠመ ዕንወት | <br>ምፍንጃር ኣቶም ቦምብ |

ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ሰባት ሓዲሽ ኲናት ከይብገስ ፈሪሖም ነበሩ። ሰባት ሓዲሽ ኲናት ዓለም ከጋጥም ድሌት ኣይነበሮምን። ሓዲስ ኲናት ዓለም ከይባራዕ ዝካላኸል ሓደ ድልዱል መሰረት ዘለዎ ውድብ የድሊ ነበረ። እዚ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ምምስራት እቲ ብእንግሊዝኛ ዩናይትድ ኔሽንስ ዝብሃል ውዱብ ሕቡራት

ሃገራት ኮይኑ። እቲ "ዩናይትድ ኔሽንስ" ዝብል ኣምር መጀመርያ ዝተጠቕመ ሰብ፡ መራሒ ነበር ናይ ኣሜሪካ ፍ ራንክሊን ሮዜቬልት ብ 1939 ነበረ እዩ። ኣብ እዋን እቲ ኲናት፡ ኣሜሪካ፣ ኣብቲ እዋን እቲ ዝነበረ ሶቪየት ዩኒየንን ዓባይ ብሪጣኒያን፡ ሓደ ሓዲሽ ሰላም ዓለም ዝዕቅብ ውድብ ክምስረት ከምዘድሊ ወሲነን። 1 ጥሪ 1942፡ 26 "ኪዳን ምትእስሳር ዘለዎም " ኢሎም ነብሶም ዝጽውዑ ዝነበሩ ሃገራት፡ ነቲ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ተባሂሉ ዝተመስረተ ውድብ ኣፍልጦ ሂቦሞ። ኣብቲ እዋን እቲ ንመጀመርያ ጊዜ እቲ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ዝብል ኣምር ብወግዓዊ ኣብ መዝገብ ሰፊሩ።



ምፍራም ውዕል ውድብ ሃገራት



ብድሕር እዚ ኣብ ተፈላለዩ ሃገራት ብዙሕ ዋዕላ ሰላም ክግበር ጀሚሩ። ኣብ መወዳእታ፡ 1945 ውዕል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተዳሊዩ ተዛዘመ። ኣብዚ ውዕል እዚ፡ ዕላማ ናይዚ ውድብ፣ ኮሚተን ንጥፈታትን ብንጹር ተገልጸ። 26 ሰነ 1945 ናይ መኽፈቲ ኣኼባ ኣብ ከተማ ሳንፍራንሲስኮ ተኻይዱ። እቲ ኣኼባ ክዛዘም ከሎ 51 ኣባላት ሃገራት ናይቲ ውድብ ነቲ ውዕል ፈሪመናሉ።ኖርወይን ካልኦት ሃገራትን፡ እንኮላይ ነተን ሃያላት ዝኾና ኣሜሪካ፣ ሰቪየት ዩኒየን፣ ቻይና፣ ዓባይ ብሪጣንያን ፈርንሳን ሓዊስካ ኣብቲ ውዕል ፈሪመን። 24 ጥቅምቲ 1945 ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብወግዓዊ ንጥፈታቱ ጀሚሩ። ብኸምዚ ድማ ነፍስ ወከፍ ዓመት ዕለት 24 ጥቅምቲ ክኸውን ከሎ መዓልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ መላእ ዓለም ይጽምበል።

## ኣባላት ሃገራት

ሎሚ 193 ሃገራት ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክኾና ከለዋ፡ ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ናይዚ ውድብ እዚ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ይርከብ።



ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ዝርከብ ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘንበልብላ ባንዴራታት ኣባላት ሃገራት

# ኣርማን ባንዴራን




ኣርማ ውድብ ሕቡራት ሃገራት 5 ዓንኬላትን፣ ኣብ ማእከሉ ድማ ምስሊ ናይ ዓለምና ካብ ሰሜናዊ ክፋል መሬትና ክርኤ ከሎ ዚሓዘ እዩ። እቲ ብየማንን ጸጋምን ዘሎ ክልተ ጨንፈር ኣውሊዕ ኸኣ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሰላም ዓለምና ኣብ ምዕቃብን ምርግጋእ ኣብ ምስፋንን ክዓዪስ ዕላማ ናይቲ ውድብ ከምዝኾነ ዝውክል እዩ። እዚ ኣርማ፡ ኣብታ ሰማያዊት ባንዴራ ናይዚ ውድብ እዚ ይርከብ።

## ቋንቋ

መራሕቲ ሃገራት ኣብ ዝእከቡሉ እዋንን: ኣብ መዝገባትን ኣብ ጥቅሚ ዝውዕሉ ወግዓውያን 6 ቋንቋታት ናይዚ ውድብ እዚ፡ ዓረብ፣ ቻይንኛ፣ እንግሊዝኛ፣ ፈረንሳይኛ፣ ሩስይኛ፣ ፈረንሳይኛን እየን። ጸሓፍቲ ናይዚ ውድብ፡ ፈረንሳይኛን እንግሊዝንኛን ይጥቀሙ።

# ሸቶ

ሸቶ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት እዚ ዝስዕብ እዩ:

- ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሃገራት ንዘጋጥም ዘይምስምማዕ ብሰላማዊ መገዲ ምፍታሕ
- ንዓለምለካዊ ሰላምን ምርግጋእን ምስራሕ
- ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሃገራት ምሕዝነታዊ ርክብ ምምዕባል
- ንሰብኣዊ መሰላትን ፍትሕን ምስራሕ
- ኣንጻር ድኽነት ምስራሕን ምዕባለ ምፍጣርን

# ክፋላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዙሕ ክፋል ኣለዎ። ኣገደስቲ ክፋላት ናይዚ ውድብ እዚ፡ ሓፈሻዊ ዋዕላ  ውዱብ ሕቡራት ሃገራት፣ ባይቶ ጸጥታን (ቤት ምኽሪ ጸጥታ)  ሰክረታርያት እቲ ውድብን እዮም።

## ሓፈሻዊ ዋዕላ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት

ሓፈሻዊ ዋዕላ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት እቲ ኣገዳሲ ክፋል ናይዚ ውድብ እዩ። ኣብዚ ተወከልቲ   ናይኩለን   ኣባላት ሃገራት ይቐመጡ። ኩሉ ወኪል ናይ ምድማጽ መሰል ኣለዎ። ሓፈሻዊ ዋዕላ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት  ኣብ ዓመት ሓንሳብ ኣኼባ የዳሉ።

## ባይቶ ጸጥታ ወይ ቤት ምኽሪ ጸጥታ

ባይቶ ጸጥታ ወይ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ብ 15 ኣባላት ሃገራት ዝቖመ እዩ። ቻይና፣ ፈረንሳን ሩሲያ፣ ዓባይ ብሪጣኛን ኣሜሪካን ቀወምቲ ኣባላት ናይዚ ቤት ምኽሪ እዚ ኪኾና ከለዋ፡ ድምጺ ናይ ምሽሓር መሰል ኣለወን። እዚኣተን ቀወምቲ ሃገራት፡ ነቲ ናይ ድምጺ ምሽሓር መሰለን ተጠቒመን፡ በቲ ቤት ምኽሪ ዝተወሰነ ውሳነ ካብ ምፍጻም ደው ከብልኦ ይኽእላ። እተን ቀወምቲ ዘይኾና ሃገራት፡ በቲ ሓፈሻዊ ዋዕላ ናይቲ ውድብ ተመሪጸን ንክልተ ዓመት ዚኣክል ኣባላት ቤት ምኽሪ ጸጥታ ይኾና። እዚ ቤት ምኽሪ እዚ ንዘጋጥሙ ሽግራት ውሕስነት ዓለም ኪፈትሕ ሓላፍነት ኣለዎ።

## ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት

ቤት ምኽሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ነቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ ሰብኣዊ መሰላት ንዘለዎ ዕዮ የድልድል።  47 ኣባላት ናይዚ ቤት ምኽሪ እዚ፡ ኣብ ሰሰለስተ ዓመት ተመሪጾም ይዳለዉ። ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ናይዚ ቤት ምኽሪ እዚ ኣብ ከተማ ጀኔቭ ይርከብ።

## ሰክረታርያት ውድብ ሕቡራት ሃገራት

መዓልታዊ ዕዮ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝምራሕ፡ በቲ ዋና ጸሓፊ ናይዚ ውድብ ዝመርሖ ሰክረታርያት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይኸውን። ዋና ጸሓፊ ናይዚ ውድብ እዚ፡ ኣፈኛን መራሒን ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ ይዓዪ። እቲ ናይ መጀመርያ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ትሪግቨ ሊ ዝሸሙ ኖርወጂያዊ እዩ ኔሩ። እዚ ሕጂ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ኣንቶንዮ ጉትረስ ክኸውን ከሎ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ፖርቱጋል ቀዳማይ ሚንስቴር ኮይኑ ኣገልጊሉ እዩ።

| | |
|---|---|
|  |  |
| እቲ ናይ መጀመርያ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ትሪግቨ ሊ | እዚ ሕጂ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ: ኣንቶኒዮ ጉተረስ |

# ንጥፈታት:

ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ፍሉይ ዕማማት ዚዓሙ ልዕሊ 60 ዝተፈላለዩ ውድባት ኣለዎ። ገለ ካብዘም ውድባት፡ ንሰላም፣ ትምህርቲ፣ ጥዕናን ከባቢን ወዘተ ንምምላእ ዝዓዩ እዮም።

## ሰላም

FN ውድብ ሕቡራት ሓገራት፡ ሰላም ኣብ ዓለም ንምስፋን ብፍሉይ ይዓዪ። ዘይምስምማዕ ከጋጥም ይኽእል እዩ። ሸሮ ውግእ ከጋጥም ይኽእል። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ካብቲ ውግእ ንዚሃድሙ ሰባት፡ ማይ፣ መግቢ፣ ፈውሲን መደቀሲ ቦታን ብምቕራብ ይሕግዝ።

## ትምህርትን መሰላት ቆልዑትን

ኣባላት ሃገራት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ቆልዑት ትምህርቲ ክርኽቡ መታን ይሰርሑ እዮም። ስለዚ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኩላቶም ቆልዑት ብጽቡቕ ክነብሩ መታን፡ ንመሰላት ቆልዑት ዝተዳለወ ሕጊ ኣዳልዩ ኣሎ። እዚ ሕጊ እዚ መሰል ቆልዑት ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ውድብ፡ ኩላቶም ቆልዑት ክምሃሩ፣ መግብን ማይን ክረኽቡን ብጽቡቕ ክነብሩን፡ ይሰርሕ እዩ።

## ጥዕና

ኩላቶም ዝበለጸ ጥዕና ክህልዎም፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይሰርሕ። ሃገራት ንመደብ ክታበትን ምጽናት ሕማማትን ዚኸውን ሓገዝ ይረኽባ እየን።

# ሸቶ ሽሕ ዓመት ውድብ ሕቡራት ሃገራት

ኣብ 2000 ኩላቶም መራሕቲ ሃገራት ተኣኪቦም፡ ንሸቶ ሽሕ ዓመት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣዳልዮም። እዚ ድማ ክሳዕ 2005 ክብጻሕ ተሓሲቢ ዘሎ ምጥፋእ ድኽነት ዚሕግዝ: 8 ሸቶታት ዘመልክት እዩ።



ነፍስ ወከፍ ሸቶ፡ ነቲ ክብጻሕ ተደልዩ ዘሎ ሸቶ ዝውክል ምልክት ኣለዎ

1. ምጥፋእ ሕሉፍ ድኽነትን ጥሜትን
2. ምውሓስ ትምህርቲ ንኹሉ
3. ንደረጃ ደቀኣንስትዮ ክብ ምባል
4. ምንካይ ሞት ቆልዑት
5. ምንካይ ኣብ እዋን ምሕራስ ንዘጋጥም ሞት
6. ምንካይ ምዝማት ኤች ኣይ ቪ ኤድስ፣ ዓሶን ካልኦት ቀተልቲ ሕማማትን
7. ምውሓስ ከባቢያዊን ቀጻልነት ዘለዎን ምዕባለ
8. ንምዕባለ ዝጠቅም ግሎባላዊ ዝምድና ምምዕባል

## ኖርወይን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን

ኖርወይ ካብ እዋን ምምስራት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ጀሚራ ኣባል ሃገር እያ። ብጀካ እዚ ሓደ ቀዋሚ ኣምባሳደር ኣብቲ ኣብ ከተማ ኒውዮርክ ዝርከብ ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ኣለዋ። ብዙሓት ኖርወጂያውያን ኣብ ውድብ ሕቡራት ይሰርሑ እዮም። ብጀካ እዚ ኖርወይ፡ ነቶም ኣብ ምዕባለ ዚዓዩ ትካላት እዚ ውድብን፡ ንሰብኣዊ ዕዮ እዚ ውድብን ዝውዕል ዓበይቲ ወፈያታት ተበርክት።

## ዕማም

1. መዓስን ስለምንታይን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተመስሪቱ?

2. ነቲ "ዩናይትድ ኔሽንስ" ዝብል ኣምር መጀመርያ ዝተጠቕመ ሰብ መን እዩ ኔሩ?

3. ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክንደይ ኣባላት ሃገራት ዚሓቑፈ እዩ?

4. ኣብ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክንደይ ቀወምቲ ሃገራት ኣለዋ? ስለምንታይ ቀወምቲ ሃገራት ኮይነን?

5. ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝጥቀመለን ወግዓውያን ቋንቋታት ኣየኖት እየን?

6. ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣበይ ይርከብ?

7. ቀዳማይ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መን እዩ ኔሩ?

8. ሕጂ ዘሎ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መን ይብሃል?

9. ነቲ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝግበር ንጥፈታት ኣሕጽር ኣቢልካ ጽሓፍ።?

10. ብዛዕባ ጠቓምነት ሽቶ ሽህ ዓመት ውድብ ሕቡራት ሃገራት እንታይ ምበልካ?

## ንጥፈታት

1. ብዛዕባ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዚገልጽ ፖስተር ኣዳሉ።

2. ኢንተርኔት ተጠቒምካ፡ ኖርወይ ብኸመይ ኣብ ኣኼባ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከምትሳተፍ ድለ።

3. ብዛዕባ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ስልጣን ዝነበሮም ኖርወጂያን ሓበሬታ ርኸብ።